# ጋዜጣዊ መግለፂ

# አብ ትግራይ ከቢድ ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰላት ከም ዝተፈፀመ ዝገልፁ ክስታት ዝምልከት አብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝቀረበ ጉዳይ

**ጀኔቫ፣ አሩሻ እና ኒው-ዮርክ - ሰሉስ፣ 05 ታሕሳስ 2015 ዓ.ም**

እዚ ሎሚ ብዛዕባ እቲ ሰፊሕ ምጥሓስ ሰብአዊ መሰላት ዝገልፁ ክስታት ናብ ኮሚሽን ሰብአዊ መሰላት አፍሪካ (ኮሚሽን አፍሪካ) አንፃር መንግስቲ ኢትዮጵያ ቀረቡ አሎ። እዚ ኣብ ክንዲ እቶም ግዳያት እቲ ኣብ ሰሜናዊ ኢትዮጵያ ዘጋጠመ ግጭት ዝኾኑ ተጋሩ ብዓለም ለኻዊ ወሳዲ ናይ ሕጊ ተበግሶ (Legal Action Worldwide)፡ ብሕብረት ሰብ ሞያ ሕጊ ፓን ኣፍሪካ (Pan African Lawyers Union) (PALU) ከምኡውን ዴበቮይዝን ፕሊምፕተን (Debevoise & Plimpton LLP) ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ሽርክነትን ደድሕሪ እቲ ኮሚሽን ኣፍሪካ ኣብ ጥቅምቲ ዝገበሮ ውሳነ ኢትዮጵያ ንኹሉ እቲ ብዛዕባ ግህሰት ዝቐርቡ ክስታት ከተቋርፆን ኣብ ትግራይ ሙሉእ ዝኾነ ሰብአዊ ሓገዝ ክኣቱ ክትገብር ዝምሕፀነላ ግዝያዊ ስጉምትታት ንምሕባር እዩ።

ኮሚሽን ኣፍሪካ ነቲ ኣብ ቻርተር ሰብኣውን ህዝባዊን መሰላት ኣፍሪካ (ቻርተር ኣፍሪካ) ዘሎ መሰላት ናይ ምትብባዕን ኣብ ኣፍሪካ ሓለዋ ናይ ምሃብን ሓላፍነት ኣለዎ። ብ04 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ነቲ ታሪኻዊ ጉዳይ ምስ ሓዞ እቲ ኮሚሽን ብሰንኪ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘጋጠመ ዕጥቃዊ ተፃብኦታትን ቅልውላው ሰብአዊ ሓገዛትን ንዝልዓሉ ሕቶታት ኣብ ግምት ዘእተወ ናይ መጀመርታ ኣካል ሰብአዊ መሰላት እዩ ኮይኑ።

እዚ ሎሚዓንተ ዝቐረበ መግለፂ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝኮኑ ተጋሩ ዝተፈጸመ ሰፊሕ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ብዝርዝር ዘጉልሕ ኮይኑ ካብኣቶም እዞም ዝስዕቡ ይርከብዋም፡-

1. ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዘነፃፀረ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ነፈርትን ተተኮስቲን፣
2. ጅምላዊ ቕትለትን ዕጡቓት ዘይኮኑ ሰላማውያን ሰባት እንተላይ ንኣንስትን ንቖልዑን ንኣረጋውያንን ካብ ፍርዲ ወጻኢ ምቕታልን፤
3. አብ ልዕሊ ተጋሩ ደቂ አንስትዮ፤ ሰብኡትን፤ ቆልዑን ሰፊሕ ዝኮነ ፀታዊ ዓመፅን ፆታዊ ጥቅዓትን ምፍፃም መብዛሕትኡ ግዜ ንመፈራርሒን ሰብአውነት ምብልሻውን፤ ከም መሳርሒ ኲናት ጌርካ ምጥቃም፤
4. ኣብ ውሽጢ ትግራይን ካብ ትግራይ ወፃእን ኣብ ልዕሊ ሰለማውያን ሰባት ተጋሩ ከምኡውን ጋዜጠኛታትን ናይ ማሕበረሰብ አንቃሕትን ዓሌትን መንነትን ጥራሕ መሰረት ዝገበረ ሜላዊን ዘይስሩዕን ዝኮነ ማእሰርቲን ምስቃይን፤
5. ኣብ ከም ኣብያተ-ትምህርቲ፤ ናይ ሕርሻ መሳለጥያታት፤ ሆስፒታላት፤ ክሊኒካት ከምኡውን ኣብ ሃይማኖታውን ባህላውን ጥንታውያን ቦታትን ሰራሕተኛታትን ዝኣመሰሉ ወሳኒ ሲቪላዊ መሰረታዊ ልምዓታት ዝወርድ መጥቃዕቲ፣
6. ፈዴራላዊ መንግስትን ወተሃደራዊ ሰበ-ስልጣናትን ከምኡውን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ አሕመድ ዘስፋሕፍሕዎ ሰፊሕ ዝኮነ ፀረ-ትግረዋይ ናይ ፅልኢ ዘረባን ፕሮፖጋንዳን፤
7. ኣብ ትግራይ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ዝቀፀለን ክሳዕ እዚ እዋን ዘሎን ምዕፃው ኮሚኒክሽን ኣብ ሞንጎ ትግራይን ካልእ ክፋል ዓለምን

8. ኣብ ውሽጢ ትግራይን ካብ ትግራይ ወፃእን ኣብ ልዕሊ ሰለማውያን ሰባት ተጋሩ ከምኡውን ጋዜጠኛታትን ናይ ማሕበረሰብ ኣንቃሕትን ዓሌትን መንነትን ጥራሕ መሰረት ዝገበረ ሜላዊን ዘይስሩዕን ዝኮነ ማእሰርቲን ምስቃይን፣ ከምኡውን
9. ኣዕናዊ ዝኮነ ምክልካል ሰብኣዊ ሓገዝ ዘስዓቦን ብሰንኪ ሰፊሕ ዝኮነ ጥምየትን ከቢድ ዝኮነ ሕፅረት መድሓኒትን ቀረብ መድሓኒትን ዘጋጠመ ብኣሸሓት ዝቁፀር ምትራፍ ዝከኣል ሞት፤ ከምኡውን
10. መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝተፈፀመ ሰፋሕቲ ግፍዕታት ምርመራን፣ ተሓታታይነት ወይ ከዓ ፍታሒ ናይ ምሃብ ዘለዎ ዓለም ለካዊ ሓላፊነት ናብ ጎኒ ብምግዳፍ ብብዙሕ መዳያት ነዞም ምርመራታት ብንጥፈት ዓጊትዎም ይርከብ፡፡

ኮሚሽን ከኢላታት ውድብ ሕቡራት መንግስታት፤ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፤ ኣውሮፓ ሕብረት ከምኡውን ብዙሓት ማሕበራት ሰብኣዊ መሰላት ገለ ካብዞም ተግባራት እዚኦም ገበን ኲናት፤ ገበን ኣንፃር ዘርኢ ደቂሰባት፤ ከምኡውን ዓሌታዊ ምጽራይ ምኧኑ ፈሊጥዎ ኣሎ፡፡

ኢትዮጵያ ነቲ ቅሬታ ኣቕረብቲ ዘልዓልዎ ሕቶታት መልሲ ንምሃብ 60 መዓልቲ ኣለዋ። ኣብ ዝቕጽል ደረጃ እቶም ቅሬታ ኣቕረብቲ ጉዳዮም ኣብ ክንዲ መሰኻኽር ኮይኖም ኣብ ቅድሚ ኮሚሽን ኣፍሪካ ብቃል ክስማዕ ሓቲቶም ኣለዉ።

እቲ ታሪኻዊ ጉዳይ ካብ ቅድሚ ሕጂ ብዝያዳ ወሳኒ እዩ። እቲ ብ23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ኣብ መንጎ ፈደራላዊ መንግስትን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ዝተፈረመ ስምምዕ ሰላም ነቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቲ ሓይልታትን ዝፈጸምዎ ገበንን ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰላትን ናብ ፍትሕን ተሓታትነትን ዘመርሕ መንገዲ ኣየቀመጠን። ግዳያት እዚ መጥቃዕቲ፣ እቶም ብህይወት ዝተረፉ፣ ከምኡውን ማሕበረሰቦም እዚ ውዕል እዚ ፍትሒ ዘይኰነስ ገበነኛታት ከይቅፅዑ መንገዲ ዝፀርግ እዩ ኢሉ የተሓሳስቦም ኣሎ።

ሓደ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ምስክር ዝኮነ ትግረዋይ ነበር ናይ ኢትዮጵያ ወተሃደር ከምዚ ይብል "ንሰላም ሃረር ኢልና ኢና ንነዊሕ እዋን ድማ ኢና ተጸቢናዮ። እንተኾነ ግን ሰላም ብሓቂ ጋህዲ ክኸውን ኣዝየ እየ ዝጭነቕ ። ነቶም ዝሞቱ ፍትሒ ኽወሃቦም ኣለዎ። በዚ ውግእ እዚ ህይወተይ ተበላሽዩ እዩ። ጽቡቕ ትምህርቲ ዕቤት እናገበርኩ ዝኸይድ ዝነበርኩ ሞያ ኣታዊየይ ስድራ ቤት ክድግፍ ዝኽእል ከምኡውን ናይ ገዛእ ርእሰይ ስድራቤት ክምስርት ትምኒት ነበረኒ። እዚ ኹሉ ካባይ ተወሲዱ እዩ። ንስድራ ቤተይ መዓስ ከም ዝርእዮም ኣይፈልጥን እየ። እታ ዝፈትዋን ከገልግላ ዝደልያ ዝነበርኩ ሃገር ስኢነያ” ይብል።

ሓደ ነቶም ቅሬታ ኣቕረብቲ ዝተዛረቦም ናይ ቀደም ትግረዋይ መምህር ከምዚ ይብል- *"ፖለቲከኛታትና ይርስዕዎ እዮም ብዛዕባ እተን ኣብዚ ውግእ እዚ ዝተሳቐያ ስድራቤታትከ እንታይ እየን ዝበሃላ? እተን ዝተዓመፃ ደቂ ኣንስትዮከ? መን እዩ ዝጠርዐሎም? መን እዩ ተሓታትነት ዘምጽኣሎም?"*

ዳይሬክተር ዓለም ለኻዊ ወሳዲ ናይ ሕጊ ተበግሶ (LAW) ዝኮነ ኣንተንዮ ማልቪ (Antonia Mulvey) ኸምዚ ይብል - "*ኣብ ዓለም ብዙሕ ስቓይ ኣብ ዝርኣየሉ ዘሎ እዋን ድምጺ እቶም ግዳያት ብቐሊሉ ክዕገት ይኽእል እዩ። ሎሚ ግን እቶም ካብዚ ሕጂ ዘሎ ዝኸፍአ ሰብኣዊ መሰላትን ቅልውላው ሰብኣዊ ሓገዛትን ዝደሓኑ ሰባት ብቐጥታ ምስ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣፍሪካ ይዘራረቡ ፍትሒ ንኽወሃቦም ዝሓተትዎ ሕቶታት ክሰምዑ ድማ ይሓትዎም። ንኮሚሽን ኣፍሪካ ክሰምዕን ስጉምቲ ክወስድን ንልምኖ ኢና።*"

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ሕብረት ሰብ ሞያ ሕጊ ፓን ኣፍሪካ (PALU) ዝኮነ ዶናልድ ደያ (Donald Deya) ድማ ከምዚ ይብል - "*ኮሚሽን ኣፍሪካ ነቲ ሕብረት ኣፍሪካ ዘዳለዎ መስርሕ ሰላም ንምድጋፍ ፍሉይ ሓላፊነት ኣለዎ። ኮሚሽን ኣፍሪካ ነቶም ግዳያት ዝኮኑ ተጋሩ ፍትሒ ብምሃብ ኣብቲ ዞባ ዘላቂ ሰላም ንምርካብ ተሓታትነት ኣገዳሲ ምኧኑ እንደገና ከረጋግጽ ይኽእል ኢዩ።*"

ኣብ ዴብቮይዝ (Debevoise & Plimpton LLP) ተሓጋጋዚት ሓላፊት ኣህጉራዊ ኣፈታትሓ ግጭትን ጉጅለ ህዝባዊ ዓለም ለኻዊ ሕግን ዝኾነት ካተሪን ኣሚርፋር (Catherine Amirfar) ከምዚ ትብል - "*እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ኣስፋሕፊሑ ዘሎ ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰላት ዘሰደምም መርትዖ ዘደንጹ ኢዩ። ኮሚሽን ኣፍሪካ ንሕቶታትን መርትዖታትን እቶም ግዳያት ኣብ ግምት ብምእታው ንኢትዮጵያ በቲ ዝጠሓሰቶ ኣህጉራዊ ሕጊ ተሓታቲ ንምግባር ወሳኒ ኣጋጣሚ ኣለዎ ። ኣብ ከንዲ ኹሎም ግዳያት ዝኮኑ ተጋሩ ነዚ ኣገዳሲ ዕዮ እዚ ኽንቅጽል ኢና።*"